# ሰንበት ዘመስቀል 2019 ዓ.ም.

## መስከረም 24 2019 ዓ.ም. (10/04/2026)

.

መዝሙር፡ መስቀልከ እግዚኦ ተሰብሐ . . . . . መስቀልካ ተመስገነ ኃይሊ መስቀልካ እሱራት ፈትሐ፥ ኃይሊ መስቀልካ ለምጻማት አንጽሐ፥ ኃይሊ መስቀልካ ሙታን አተንሥኤ፥ ሰንበት ንሰብ ዕረፍቲ ኢሉ ሰርዐ፥ መስቀልካ ተመስገነ ኦጎይታ ሓቂ ዝኾነ ቃልካ ዓዘዘ።
ንባባት፡ ፊልጵ 2፡6-11፥ ፩ጴጥ 2፡20-ፍ፥ ግ.ሓ. 4፡19-31፥ ዮሓንስ 3፡13-17።
ምስባክ፡ ወአጽንእ እግዚኦ ለዝንቱ ተሠራዕከ ለነ፥ ውስተ ጽርሕከ ዘኢየሩሳሌም፥ለከ ያመጽኡ ነገሥት አምኃ። ነቲ ንእና ዘድኃንካሉ ኃይልኻ ግለጾ፥ ስለቲ አብ ኢየሩሳሌም ዘሎ ቤት መቕደስካ ነገሥታት ውህበት ከምጽኡልካ እዮም። መዝ 68፡28-29።

ዘመነ መስቀል ካብ 17-25 መስከረም ዘሎ እዩ። ድሕሪ ብዓለ መስቀል ክልተ ሰናብቲ እንተ ውዓለ ክልቲኡ ሰናብቲ ሰንበት ዘመስቀል ብዝብል ይፍለጥ። ንባባት እውን ምስ ምስቀል ዝተሓሓዝ ይንበብ።

መስቀል አብ ክርስትያናዊ እምነትና መሰረትን ቀንዲ ምልክት ድኅነትና እዩ። ዝዓበየ ህያብና መስቀል እዩ።አብ መስቀል ክንርኢ ከሎና አብ ውሽጥና ዝስምዓና ፍሉይ ነገር አሎና። አብ ኩሉ እንገብሮ ጸሎታትና ብመስቀል ንጅምሮ ብመስቀል ንዓጽዎ፥ አብ ቅዳሴና ደጋጊምና ትእምርት መስቀል ንገብር። አብ ቤትና አብ ቤተ ክርስትያና አብ ብዙሕ ነገራትና መስቀል ክፍሊ ሕይወትናን እምነትና እዩ። በዚ ኸአ መስቀል ሓይልና ተስፋና ጽንዓትና እዩ ንብል።

አብ ብልይ ኪዳን ሙሴ አብ እምባ ሆሬብ እምባ አምላኽ ብዝብል ዝፍለጥ ምስ አምላኽ ከም ዝተዛረበ ነንብብ። አብኡ እግዚአብሔር አብ ዝነድድ ቍጥቋጥ ኮይኑ ተዛሪብዎ ግን ሙሴ ካብኡ ርሕቕ ኢሉ ተዛሪብዎ ምኽንያቱ አብ ቅዱስ ቦታ ደው ኢሉ ስለ ዝነበረ። አብቲ እዋን ሙሴ ጥራሕ እዩ ምስ እግዚአብሔር ክዛረብ ዝኽእል ዝነበረ። ኩሉ ጊዜ ኸአ ቅድሚ ምስ አምላኽ ምርኻቡ ወይ ምዝራቡ ንገዛእ ርእሱ ከንጽሕ አለዎ። እግዚአብሔር አብ እምባ ደብረ ሲና ብደመና ተኸሊሉ ክወርድ ምስ ወሰነ ኩሎም እቶም ህዝቢ ንገዛእ ርእሶም ከንጽሑ አለዎም ክልተ መዓልቲ ኸአ ይወስድ። ወላ እኳ ነፍሶም የንጽሑ ነቲ እምባ ክትንክፉ አይፍቀዶምን እዩ፥ እዚ ኸአ ዋጋ ሞት የኽፍሎም እንተ ሰዓርዎ። ሙሴ ጥራሕ እዩ አብቲ እምባ ክድይብ ዝኽእል ዝነበረ።እስራኤላውያን አብቲ እግሪ እምባ ጥራሕ እዮም ክቐርቡ ዝፍቀደሎም ዝነበረ።

ሙሴ አብ ነፍሲ ወከፍ ንእግዚአብሔር ክዛረብ አብ ዝቐረበሉ ካሕሳ ኃጢአት ክገብር አለዎ፥ ዝኾነ ጉድለት ዘይብሉ ንእሽቶይ ተባዕታይ እንስሳ ዝራብዕ ወይ በግዕ ከቕርብ አለዎ። እዚ መስዋዕቲ እዚ አብ ድንኳን ክአቱ ምስ አምላኽ ክዛረብን ክራኸብን የኽእሎ ነሩ።እንተ ኾነ እዚ መስዋዕት ግዝያዊ ቅድስና እዩ ዘውህቦ ነሩ እምበር ነባሪ ፍቓድ የውህቦ አይነበረን።ብተመሳሳሊ መገዲ ድሕሪ 1300 ዓመት አብ ጊዜ ኢየሱስ ሊቀ ካህናት አብ ቤተ መቕደስ ክአቱን አብ ቅድስተ ቅዱሳን ምስ አምላኽ ክራኸብ ናይ ኃጢአት መስዋዕቲ ከዕርግ አለዎ፥ እዚ ከአ ዝኾነ ጉድለት ወይ መኸላእታ ዘይብሉ ተባዕታይ ብዕራይ ወይ በግዕ ክስውዕ አለዎ።

እዚ አብ ጊዜ ብሉይ ኪዳን እዩ ነሩ ዘዕግብ ፍታሕ እውን አይ ነበረን ምኽንያቱ አምላኽ ምስ ነፍሲ ወከፍ ክራኽብ እምበር ምስ ሊቀ ካህናት ጥራሕ ክራኽብ ይደሊ አይነበረን። ከምኡ ምስ ነፍሲ ወከፍ አብ ዝኾነ ጊዜ ቀትሪ ይኹን ለይቲ ክዛረብ ይደሊ እዩ። ስለዚ ካሕሳ ኃጢአት አድላዪ እዩ ነሩ፥ ግን ንኹሉ ጊዜ ኃጢአትና ዘጥፍአልናን ዝአልየልናን የድሊ።

ናይ እንስሳ መስዋዕቲ እኹል አይ ኮነን፥ መስዋዕቲ ወዲ ሰብ ክኸውን አለዎ ነባርን ንኹሉ ጊዜ ክኸውን። ክንርድኦ ዘሎና አምላኽ ብመስዋዕቲ ወዲ ሰብ ዘይትሓዝን እዩ።ምኽንያቱ ንሓደ ሰብ ምእንቲ ድሕነት ካልእ ሰብ ኢሉ ክስውዕ የብሉን።ነቲ አብቲ አብርሃም ንወዱ ይስሓቕ አብ እምባ ሞሪያ ክስውዖ ምስ ቀረቦ ደው በል ኢልዎ ሽዑ አብ ክድንኡ ድዑል ከምዝስውዕ ኮይኑ።

እግዚአብሔር ካብ መጀመርያ ንሱ ነቲ መስዋዕቲ ዝኸውን ክቕርብ ከምዘለዎ ይፈልጥ ነሩ እዩ። መስዋዕቲ ንመጋረጃ ነቲ አብ ቅድስተ ቅዱሳን ዝነበረ ካብ ርእሲ ክሳብ ታሕቲ ዝቐድድ እሞ ሽዑ ንነፍሲ ወከፍ አብ ቅድስተ ቅዱሳን ከም ዝአትው ዝገብር፥ ምስ አምላኽ አብ ዝደለይዎ ጊዜ ከም ዝዛረቡ ዝገብር። እዚ አብ ግብሪ ክብጻሕ አምላኽ አብ ዓለምና ከም ሰብ ኮይኑን ንገዛእ ርእሱ መስዋዕቲ ክኸውን ክአቱ አለዎ። ነዚ ከአ በቲ ሥጋ ዝለበሰ ወዱ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ አብ እምባ ሞሪያ ብምስውዑ፥ ብጊዜ ኢየሱስ ቀራንዮ ብዝብል ዝፍለጥ ዝነበረ ፈጺምዎ። መስዋዕቲ መስቀል ሓዲስ ምዕራፍ አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ፈጢሩ።

አብ መስቀል ክነስተንትን እንከሎና አተኩርና ክንጥምቶ ከሎና ኩሉ ጊዜ ዘልዕለልና ሕቶ አሎና፥ ስለምንታይ እዩ እቲ ኸአል ኩሉ ፈጣሪ ዓለም እንከሎ ንገዛእ ርእሱ ከም ኢሚንቲ ወላ ሓንቲ ሓይሊ ዘይብሉ ኮይኑ ብገዛእ ፍቓዱ ክሳቐ ክንዓቕ ክዋረድን ክንጸግን ክኸውን ከፍቅድ ዝገደዶ? እዚ ብዓቢኡ ክንርእዮ ከሎና ምስጢር እዩ፥ ብዓይኒ ርድኢት ሰብ ክትርእዮ ከሎኻ ግን አይርድአካን ወላ ትርጉም እውን ትስእነሉ።ብዘይምውራድ እዚ ኹሉ ከይወረዶ ከድሕነና ምኽአለ ነሩ ግን ስለምንታይ ስለምንታይ ነዚ መሪጹ ይከውን ሕቶታትና። ብዙሕ ክንሓስብ ክነስተንን ይገብረና።ስለምንታይ እዚ ኹሉ ስቓይ ምእንታይ ክቕበል ተገዲዱ? አብ ዓሚቕ ሓሳብ ከምእንአቱ ይገብረና ነዚ ክንሓትት እንተ ኸአልና። ሽዑ አምላኽ ክሳብ ከንደይ ከምዘፍቅረኒ ከለሊ ክርኢ እኽእል። እዚ ጸጋ እዚ ካብ መንፈስ ቅዱስ ይውሃበኒ እሞ ነቲ ኹሉ አምላኽ ዝገበረለይ ክርኢ እኽእል ሽዑ እምነትን ናይ ምስጋና ርክብን ምስኡ እፈጥር። እምነት ከም ዝርዳእ አይ ገብረንን እዩ፥ ንወዲ አምላኽ ከም ዝአምን ይገብረኒ። ንሱ ብገዛእ ፍቓዱ ብምሉእ ድለት ምእንታይ ክሳቐ ክዋረድ ክስዋዕ እሞ ካብ ኃጢአተይ ከም ዝድሕነን አብ ቅዱስ ቦታ ብትብዓት ደው ኢለ አብ ጥቕኡ ምስቲ ፈጣሪአይ ምስኡ ከም ዝኸውን ገሩኒ። ነቲ ቅ. ጳውሎስ ዝበሎ ከምዝአምን ገሩኒ፥ ንሱ ብባህሪኡ አምላኽ እኳ እንተ ኾነ ነቲ ምስ አምላኽ ዝነበሮ ማዕርነት አይገድፍን ኢሉ አይተኸራኸረን፥ እንተ ኾነ ሰብ ብምኳን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ (ፊል 2፡6-7)። ምእንታይን ምእንታኻትኩምን፥ በዚ ኸአ ሰለዓለማዊ ሕይወት ክንረክብ።

እምነት ንኹሎም ሕቶታተይ አይምልስን እዩ ወይ ብምሉእ እንአምላኽ ከም ዝርዳእ አይገብረንን እዩ።ብርግጽ ይርድአኒ እዩ አምላኽ ምስጢር እዩ፥ ኩሉ ጊዜ ኸአ ከምኡ እዩ። እንተኾነ ምስጋና ንመንፈስ ቅዱስን፥ ቅዱስ መጽሓፍን፥ ጸሎትን፥ ዕለት ዕለት አብ ጉዕዞ ሕይወተይ ብዛዕብኡ ብመጠኑ ከም ዝርዳእን ከም ዝፈልጥን ዝገብሩኒ። ምንባረይ በቲ አብ መዓልቲ ጥምቀተይ ዝተቐበልክዎ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ፥ ነፍሲ ወከፍና ዓመታት ሕይወትና ክንርኢ እንተ ኸአልና አብዘን ዕለታት ብዓይኒ እምነት አብ መስቀል ቋሕ አቢልና እናረአና ነቲ ዝሓተተናዮ ነቲ ዝደለናይ፥ ነቲ ዝኳሕኳሕናዮ መልሲ ስለ ዝሃበና ኢና። ንሱ አባና መጺኡ ንአፍደገ ምሕረቱ ስለ ዝኸፈተልና አፍደገ እምነት እውን ከፊትልና ምስኡ አሎና።

አብ መስቀል ክርስቶስ ከም ሓደ ተሰኪሙ አብቲ ልዕሊ ኹሉ ዝኾነ ክርድኦ ዘይክእል ዝወሰደኒ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ።አብ መስቀል ርእዩ ዝኽአለ አብኡ ትምህርቲ ፍቕሪ መልእኽቲ ድሕነት ተስፋ ሰላም አሎ። መስቀል ሞት ዝሰዓረ ነቲ ተስፋ ቀሪጹ አብ ድነ ሞት ዝነበረ አብ ተስፋን ትንሣኤን ዘብጽሐ ምልክት አርማ ድሕነትና እዩ።

ቅ. ዮሓንስ ትርጉም መስቀልን ፍሪኡ ከረድአና ኢሉ በቲ ሓደ ወዱ ዝአመነ ዘበለ ሕይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ኸይጠፍእሲ አምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም አፍቀራ (ዮሓ 3፡16) ይብለና። እዚ ሕይወት ዝርከብ በቲ ኢየሱስ አብ መስቀል በጃ ኮይኑ ብሞቱ ዘምጽኦ እዩ። ሞት ኢየሱስ እቲ ዝዓበየ መግለጽ ፍቕሪ እግዚአብሔር አቦ ንነፍሲ ወከፍና እዩ።አብታ ናይ መጨረሻ ድራር ምስ ሓዋርያቱ ዝበልዓ ኢየሱስ ከምዚ ኢልዎም ሰብ ካብቲ አብ ክንዲ አዕሩኹ ንሕይወቱ በጃ አኅሊፉ ዚህቦ ዚዓቢ ፍቕሪ የብሉን (ዮሓ 15፡13)።

ዮሓንስ ወንጌላዊ ገሊጹ ከምዝብለና አምላኽ ንወዱ ናብ ዓለም ዝለአኾ ዓለም ብእኡ ምእንቲ ኽትድኅን እምበር ንዓለም ኪፈርድ ኢሉ አይኮነን (ዮሓ 3፡17)። ኩልና አብኡ ክንምለስ ክንሳሕ ትርጉም ሞት ኢየሱስ ተረዲእና አብ ቅዱስ ሕይወት ክንምለስ ዝዕድም መጸዋዕታ እዩ። አምላኽ አብ ኃጢአት አብ ቂምታን ክፍአትን ክነብር አይደልን እዩ። ካብ ወዲቕናዮ ዘሎና ክንትንሥእ ክንበራበረ አበሎኹ ኢልና ንመገዲ ንስሓ ክንተሓሓዞ እሞ አብ ቤት አቦና ክንአቱ ንጽዋዕ አሎና።

ወዲሰብ በዚ እዋን ንትርጉም መስቀል ከይርኢ ዘዕውር፥ ሰብ ዝፈጠሮን ዝብሎን ንልቢ ጎልቢቡ ዑረት ልብን ሕልናን የጥቅዖ ንርኢ አሎና። ንስቕለት ኢየሱስ ዘይመልክዑ ዘትሕዙ ከም ናይ መመልክዒ ተራእዩ አብ ክሳዶም ዘው ዘብልዎ አብ ገለ ጸወታታት ከአ ምልክተ ምስቀል ወላ ዘይአምን ኽገብሮ ክትርኢ ክሳብ ክንደይ ትርጉም መስቀል ከም ዘጥፋእና ዘርኢ እዩ።

አብ መስቀል ክንምለስ አሎና። ኢየሱስ ዘፍቅረኒ ናተይ ዘበለ ኹሉ ዕለታዊ መስቀሉ ጾሩ ይኸተለኒ ኢሉና። አብ ባዶ ዝኾነ ተስፋ አይሃበናን። አብ ጭቡጥ ክንሰግሮን ክንገብሮን ዘሎና እዩ ነጊሩና። ነፍሲ ወከፍና እንጾሮ መስቀል አሎና እቲ ጸገም፡

1. መስቀል ከቢድ እዩ። ካባና ክሓልፍ ክነዕርፍ፥ ክነውርዶ ንደሊ ምኽንያቱ ብባህርና ሕሰም ቃንዛ ስቓይ ይከብደና እዩ። ንኽቢድ ነገር ክትጾሮ ቀሊል አይኮነን። ኢየሱስ ነቲ ከቢድ መስቀል አብ ቀራንዮ አብጺሑ አብኡ ሞይቱ አድኂኑና። ንሕና እውን ንከቢድ መስቀልና ጾርና አብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቀራንዮ አብጺሕና ክንክእል አሎና። ዝተዋህበካ መስቀል አብ ቀራንዮ ድሕነት ክትብጽሖ እዩ።
2. መስቀልና አይነለልን ኢና። አብ ዓለም ዝተፈላለየ መሳቕል አሎ። ነፍሲ ወከፍና መስቀልና ክነለሊ ወይ ክንቅበል ንኽእል የለናን። እንታይ እዩ ክጾር ዘሎኒ መስቀል? ሕማቕ ጠባይ ወይ አመል ድዩ? ንሰባት ከፍቅር ዘይምኽአልድዩ? ክምሕር ክልውጥ ዘይምኽአልድዩ? ብኃጢአተይ ዘይምንዛዝ ድዩ? መስቀልና አለሊና አብ ድሕነትና ክንልውጦ አሎና።
3. መስቀል ዝጸልእ ዓለም ኢና ዘሎና። ዓለምና ሎሚ ምቾት ንአይ ይጥዓመኒ፥ አነ ዝብል መንፈስ ዝሰፈኖ ዓለም ኢና እንነብር ዘሎና። ሓው ንሓው ጸሊኡ ሞቱ ብጭካኔ ኽገልጽ እንርእዮ ዘሎና እዋን ኢና ዘሎና። መስቀል ሓሶት እዩ ንብላዕ ንስተ ዳሕራይ አይንፈልጦን ዝብል ዓለም ኢና ዘሎና።ኢየሱስ ግን አብ ዓለም አሎኹም ግን ናይ ዓለም አይኮንኩምን ይብለና። ነዛ ሓሳዊት ዓለምና ከይንታለላ ምስትውዓል ንመስቀልና አብ ልብና አሕዲርና ክነብር አሎና።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ ሰብ ፊልጲስዩስ ኣብ ዝጸሓፋ ነቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ድኅነትና ኢሉ ዝተቐበሎን ዝኾነን እናገለጸ ክነስተንተን እሞ ክንሕደስ የዘኻኽረና። እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣባኻትኩም ይሃሉ ይብለና። ነዚ ከረድእ ኢሉ ኢየሱስ ንገዛእ ርእሱ ኢሚንቲ ገሩ ይብለና። ቃል ንቓሉ ጥርሑ ገበረ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ንእና ካብ ታሕቲ ኣብቲ ዝለዓለ ክብ ከብለና ኢሉ እዩ። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ክመውት እንከሎ ኣብ ሓዲስ ሕይወት እዩ ዘሰጋግረና እዚ ኸኣ ትንሣኤ እዩ። ወዲ ትንሣኤ ምዃን ማለት ሕይወት ሰማይ ምንባር ማለት እዩ። ሓዲስ ፍጥረት ሓዲስ ሕይወትን ርክብን ክንፈጥር ዝሕብር መልእክቲ።

ኢየሱስ ይብል ቅ. ጳውሎስ ሰብ ብምዃን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ኢሚንቲ ገበራ። እዚ ዝገበረ ንእና ኸገልግል ኢሉ እዩ። ባሕርይና ብምሉኡ ብዘይካ ኃጢአት ለቢሱ እዚ ጥራሕ ኣይ ኮነን ንገዛእ ርእሱ ኣብ ዝተሓተ ኣውሪዱ ዝኸፍአ ሞት ኣብ መስቀል ተቐቢሉ። እዚ ኹሉ ዝገበረ ሰማያዊ ኣቦ ንነፍሲ ወከፍና ክሳብ ክንደይ ከምዘፍቀረና ከርእየና ኢሉ እዩ።

ብምኽንያት ርእሱ ብምሃብን ኢሚንቲ ብምግባሩን፥ ኣምላኽ ልዕሊ ኹሉ ልዕል ኣበሎ፥ ልዕሊ ኹሉ ስም ዝኾነ ስም ከኣ ሃቦ። ስለዚ ንኽብሪ ስም ኢየሱስ ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ፍጥረት ብብርኩ ኪምብርከኽ እዩ። ንኽብሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ኸኣ ኢየሱስ ክርስቶስ ጎይታ ከም ዝኾነ ኪእመን እዩ (ፊልጵ 2፡ 9-11)።

መስቀል ኣብ እምነት ክርስትና ኣብ ኩሉ ዓቢ ክብሪ ዘውሃቦን ብእኡ ኣቢልና እምነትና እንገልጸሉ እዩ። በዚ ኸኣ መስቀል ኣብ ኣብያተክስትያናትና፥ ኣብ ገዛና፥ ኣብያተ ትምህርትናን፥ ኣብ ኩሉ ማኅበራትናን ከም ምልክት እምነትና ንሰቕሎ። ኩሉ እምነትና ምስ መስቀል ኣተሓሒዝና ንገልጾ።

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክብሪ መስቀልን ዘሎና ርድኢ ክገልጽ ኢሉ ከምዚ ኢሉና፥ እቲ መስቀሉ ፀይሩ ደድኅረይ ዘይስዕብ ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ፥ ሕይወቱ ዚረኽባ ኬጥፍኣ እዩ፥ ንሕይወቱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ኸኣ ኪረኽባ እዩ (ማቴ 10፡38-39) ይብለና።

ኦ ኢየሱስ ብሞትካ ሞትና ኣጥፋእካ ብትንሣኤኻ ንሕይወትና ሓደስካዮ። መስቀልና ጸርና ክንስዕበካ ጸጋኻ ኣብዝሓልና። ኦ ማርያም ኣደና ንመስቀል ብዝያዳ ዝተረዳእኪ ኢኺ እሞ መስቀልና ክንጸውር ንወድኺ ክንስዕብ ሓግዝና።

ብሩኽ ሰንበት

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።